# ንምንታይ ኢና ምስ
# ብፁዕ ወቅዱስ ፓትርያርክ እንጦንዮስ
# ደው ኢልና ዘሎና?

## ሀ. ሲኖዶስን ሕጋዊ መዝነቱን

እቲ ቀንዲ ዓንዲ ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ሃይማኖት ፓትርያርክ ኢዩ። ፓትርያርክ ማለት እቲ ዝለዓለ መንፈሳዊ መዓርግ ዘለዎ መራሒ ቤተ ክርስትያንና ኮይኑ ከም ፕረዚደንት፡ ወይ ድማ መራሒ C.E.O ናይ ሓደ ዓቢ ኩባንያ ክምሰል ይከኣል። ሲኖዶስ፡ ቅዱስ ሲኖዶስ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቦና ፓትርያርክ ኣብ ማእከሉ ክርከቡ ከለዉ ጥራሕ እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ ቤተ ክርስትያንና እቲ ዝለዓለ ሃይማኖታዊ ስልጣን ዘለዎ ከኣ ቅዱስ ሲኖዶስ ይኸውን። እቲ ካብ ዘመናት ናብ ዘመናት ክተሓላለፍ ዝጸንሐን ዘሎን ሕግታት ናይ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ከም ዘረጋግጾ ከኣ ቅዱስ ፓትርያርክ፡ ንኹሉ ጉባኤታት ቅዱስ ሲኖዶስ ይባርኽዎን ይመርሕዎን።

ብዘይ ህላዌ ቅዱስ ፓትርያርክ፡ ኣባላት ሲኖዶስ ኣብ ማእከሎም ሕጋውን ምምሕዳራውን ሓላፍነት ክህልዎም ኣይክእልን እዩ (ፍትሓ ነገስት ዓንቀጽ 4፡ ቁ 54)። በዚ ምኽንያት ከኣ ኢና፡ ንቅዱስ ኣቦና ፓትርያርክ ካብ ሓላፍነቶም ምእላይ ነቲ ቀንዲ መንፈሳዊ ሕመረት ሃይማኖት ተዋህዶ ይጻረር ኢዩ ንብል ዘሎና።

ስለዚ፡ ኩሎም ኣባላት ሲኖዶስ፡ ትእዛዛትን መምርሕን ኣቦ ቤተክርስትያንና ንዝኾኑ፡ ብፁዕ ወቅዱስ ፓትርያርክ እንጦንዮስ ክኸብሩን ክኽተሉን ንጽውዕ (ፍትሓ ነገስት ዓንቀጽ 4፡ ቁ 54)።

## ለ. ብዛዕባ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ

> ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን፡ ን/ሃገረ ስብከት ኣብ ሰሜን ኣሜርካ፡ ክምስረት ከሎ ብድሌት ኣብ ኣሜሪካን ካናዳን ዝርከባ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያናት እዩ ቆይሙ። እዘን ፍቓደኛታት ዝኾና ቤተ ክርስትያናት ድማ፡ ሕጊ ኣሜሪካ ብዝሓቶ መሰረት ዝኾነ ናይ ገዛእ ርእሱ ውሽጣዊ ዓንዲ ሕጊ ዘለዎ፡ ብሕግታትን ስርዓትን እቲ ዝተመስረተሉ ስቴት ዝመሓደር ን/ሃገረ ስብከት ክቖውም ድማ ክኢሉ። ቅዱስ ሲኖዶስ ድማ ኣጽዲቑዎ። ኩለን ቤተ ክርስያናት ነጻ ዝኾና፡ ርእሰን ዝኸኣላ፡ ሃይማኖታውያን ማሕበራት(non-profit) እየን። ኩለን ቤተ ክርስትያናት መዓልታዊ ምምሕዳረን ነጻ ኾይኑ፡ ብቦርድ ዝመሓደራ፡ ተጸዋዕነተን ድማ ንኣባላተን እዩ።

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን፡ ን/ሃገረ ስብከት ኣብ ሰሜን ኣሜርካ፡ ኣብ ናይ ጆርጂያ ስቴት ከም ሃይማኖታዊ ማሕበር (non-profit) እዩ ተመስሪቱን ተመዝጊቡን። ስለዚ መንፈሳዊ ሕግታቱ ኣብ ትሕቲ ብቅዱስ ፓትርያርክ ዝምራሕ ሲኖዶስ ክኸውን ከሎ፡ ምምሕዳራዊ ስራሓቱ ድማ ኣብ ትሕቲ ንዝይመኽሰባውያን ዝወጸ ሕግታት ስቴት ናይ ጆርጂያ፡ ኣሜሪካ፡ ዝተቐየደ እዩ።

ን/ሃገረ ስብከት ነቲ ብዕለት ሓምለ 30, ከምኡውን መስከረም 17, 2005 ዝወሰዶም ውሳኔታት ብቐሊል ኣይከነን ዝርእዮም። እዚ ሕጂ ኣብ ቅድስቲ ቤተ ክርስትያንና ወሪዱ ዘሎ ጸገማት መሰረቱን መንቀሊኡን እቲ ኣንጻር ቅዱስ ኣቦና ፓትርያርክ እንጦንዮስ ዝቐንዔ ዘይሕጋዊን ኣኽብሮት ዝጎደሎን ስጉምትታት ኣቡናት ቤተ ክርስትያንና እዩ። እዚ ዘይሕጋዊ ተግባራት ኣባላት ሲኖዶስ ድማ ካብቲ ኣብ ኣቦና ዝወረደ ዘይቅዱስ ተግባራት ሓሊፉ ንህላዌ ን/ሃገረ ስብከት ድማ ተንኪፉዎ ኢዩ። እቲ ጸገም ኣብ ቅዱስ ሲኖዶስ፡ ከም ዝጀመረ ባዕሎም ኣባላት ሲኖዶስ ንሓላፍነትን ስልጣንን ቅዱስ ፓትርያርክ ክንክዩሎም ብዝወሰድዎ ስጉምቲ ክገሃድ ኪኢሉ። ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜርካ ድማ ሳዕቤን እዚ ዘይሕጋዊ ተግባር ኣብ ቤተክርስያንና እንታይ ኮን ይኸውን ኢሉ ኣዕሚቑ መርሚሩዎ።

## በዚ ምኽንያት፡

1. ምስ ቅዱስ ኣቦና ናይ ግብጺ ቤተ ክርስትያን ሊቀ ጳጳስ ሺኖዳ ሓበሬታን፡ መብርህን ሓቲቱ፡
2. ሕጊ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን መርሚሩ፡
3. ቀኖና ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ዳህሲሱ።

በዚ መሰረት እዩ ድማ፡ ኣብቲ ብዕለት 30 ሓምለ ኣብ ዋሺንግቶን ዲሲ ዝተገብረ ዓመታዊ ጉባኤ፡ ብዕለት 17 መስከረም 2005 ኣብ ኣትላንታ ህጹጽ ኣኼባ ኣብ ዝገበረሉ እዋን እዚ ዝስዕብ ውሳኔ ዝወሰነ።

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን መራሒ ብፁዕ ወቅዱስ ፓትርያርክ እንጦንዮስ እዮም። ናቶም ትእዛዛትን መምርሕን ድማ ንቕበል። ብፍላይ ከኣ፡ ናይ ኣቦና ብፁዕ ወቅዱስ ፓትርያርክ እንጦንዮስ ማሕተምን ፊርማን ዘይብሉ ዝኾነ ሰነድን መምርሕን ድማ ኣይንቕበልን።

## ሐ. ጻዊዕትና

እዚ ሕጂ ኣብ ቤተ ክርስትያንና ተፈጢሩ ዘሎ ጸገም ኣብ ኣስመራ እዩ ተፈጢሩ። ስለዚ፡ ነዞም ሕጂ ካብ ኣስመራ መጺኦም ካብ ከተማ ናብ ከተማ ዝዞሩ ዘለዉ ኣቡናት፡ ነቲ ናይ ነዊሕ ግዜ ባህልን ቀኖና ቤተ ክርስትያንና ክኽተሉ፡ ምኽርን መምርሕን ብፁዕ ወቅዱስ ኣቦና ፓትርያርክ እንጦንዮስ ክሰምዑን ከተግብሩን ብትሕትና ንሓትት። ኣብ ርእሲኡውን፡ ንሳቶም ኣርኣያ ክኾኑ እንተኾይኖም፡ ቅድሚ ንዓና ስምዑና ምባሎም፡ ንሳቶም፡ ንመራሒኦምን መራሒ ቤተ ክርስትያንና ዝኾኑ ፓትርያርክ እንጦንዮስ ክምእዘዙ ነተሓሳስብ።

ቅዱስ ፓትርያርክ፡ "ኣነ ንኣቡን ሉቃስን፡ ኣቡን ሺኖዳን፡ ንኣሜርካ ኣይለኣኽኩዎምን" ኢሎም'ዮም።

እቲ ጸገም ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስትያንና እዩ። ባዕሉ ቅዱስ ሲኖዶስ ክፈትሖ እዩ ዝግባእ። ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ጸገማት ናብ ኣሜርካ ኣምጺእካ ህውከት ምፍጣር

**ኣድላዪ ኣይነበረን። በዞም ክልተ ኣቡናት ዝንዛሕ ዘሎ ጸለመ ንብዙሓት ምእመናን ኣጉህይዎም እዩ፡ ካብ ኣቡናት ዘይትጽበዮ ተግባራት እዩ ድማ። እቲ ዘካይድዎ ዘለዉ ጸለመ ትርፉ ኣብ ሞንጎ እቲ ቅድሚ ንሳቶም ናብ ኣሜሪካ ምምጻኦም ብሰላም ዝነብር ዝነበረ ምእመን፡ ፋሕ ፋሕ ምእታውን ምብታንን ጥራሕ ኢዩ። ኣቡን ሉቃስን ኣቡን ሺኖዳን ኣብ ን/ሃገረ ስብከትን መራሕታን ዘውርድዎ ዘለዉ መጥቃዕትን ጸለመን ደው ከብልዎ ድማ ንጽውዕ።**

**እግዚኣብሄር ቤተ ክርስትያንና ይሓሉ። ኣሜን።**

*ፈፃሚት ቦርድ ን/ሃገረ ስብከት*
*መስከረም* 28, 2005